# ዝተተምነናዮ ናጽነት ከምዚ ድዩ ነይሩ ?

ሎሚ ህዝብና ዘለዎ ሃለዋት ምስ ናጽነት ዝጽብጸብ እንተኾይኑ ንመበል 13 ግዜና መዓልቲ ናጽነትና ነብዕል ኣለና ።

ህሎው ስምን ምስልን ሃገርና ንትርጉም ናጽነት ዘንጸባርቕ እንተኾይኑ ፥ ሎሚ ንመበል 13 ሳዕ ጽምብል ናጽነትና ነኽብር ኣለና።

እዛ ህዝቢ ኤርትራ ክቡራት ጀጋኑኡ ዝሰዋኣላን ኩለንትናኡ ዝኸፈለላን ዕለት ናጽነት፣ ነዚ ምስሊዚ ኪትመስል ተመኒናያ እንተኔርና ሎሚ ከምቲ ዝተመነናኪ ኰንክልና ኢልና ክንውድሳን ከነኽብራን ኢና ።

ህዝብና ኣብ ገዛእ ሃገሩ ብደቁን ኣሕዋቱን ኪጭኮን፣ ፍትሕን ርትዕን ሲኢኑ ኪማረር፣ ኣፉ ኪሉጎም፣ ኣብ ሃገሩ ኪሕየር፣ ኣብ ማሕቡስ ኪበሊ፣ ተመንዩ እንተነይሩ ሎሚ ነዛ ዕለተ - ናጽነት ርዘንለይ ክበርለይ ኪብላ እዩ ።

ህዝብና መንእሰያቱ ኣብ ዝተወልዱላን ዝዓበዩላን ሃገር ተስፋ ሲኢኖም ፈቐዶ ሃገራት ኪስደዱ፣ ኣብ ኣጻምእ ሊብያ ኪድበዩ፣ ኣብ ባሕሪ ኪድርበዩ፣ ኣብ ሕልሙ እንተነይሩ፣ ሎሚ ናጽነትና ከምዝበሃግናኪ ኰንክልና ኪብል ኢዩ። ክቡራት ደቀንስትዮ ኣሕዋትና፣ ብስእነት ስራሕን ክብሪ ናብራን ተማሪረን፣ ባህልናን ስነ-ምግባርናን ኣብ ዝጽይፎ ሕሱር ህይወት ምንዝርና ኪወድቃ ተጸቢና እንተነርና፣ ግቡእናን ግብኣትናን እምበር መሰልናን ሞሳናን ኪንሕረም እንተነይሩ ባህግና፣ ሎሚ ከበሮ ሓምሓም ኪንሃርም ይግባእና ።

ዘዝተወልዱ ህጻናቱ ኪዝኽትሙ፣ ኣዴታትና ኣደዳ ሓዘንን፣ ስቃይን፣ እህህታን፣ ቁዛመን ኪኾና፣ ሽማግለታት ወለዲ ናባዪ ሲኢኖም ከስተማስሉ፣ ዝተተምነናዮ ኣይነበረን።

ህዝብና ኣብ ርእሲቲ ትማሊ ንናጽነት ዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋ፣ ገጽ ኩናትን ከልበትበትን ኪርኢ፣ ካብ ጨሱኡን ውሻጥኡን ክፈናቀል፣ ዕሽላቱን ደቂ ስውኣቱን ርእዩ ኪስእኖም፣ ዝሸፍአን ዝመረረን መስዋእቲ ኪኸፍል፣ ተጸቢዩ እንተነይሩ፣ ሎሚ “ዘይገመትኩዎ መዓስ መጺኡኒ !” ኢሉ ኪደዓዓስ ኢዩ።

ግና ህዝብና ነዚ ኣብ ታሪኽ ባርነቱ ዝሓለፎ መሪር ሃለዋት፣ ሎሚ ብኸቢድ ዋጋን መሪር መስዋእትን ኣብ ዝመጸት ሃገሩ ብዝኸፍአ መልክዑ ክድገም ኣይሓለሞን። ርእይቶኡ ዝሃበ ኪሕየር ፡ ፍትሒ ዝሓተተ ኪሕምተል ፡ መሰለይ ዝበለ ኪርገጽ፣ ኣይተጸበየን ። በንጻሩ ዝተወጽዐ ክድበስ፣ ዝተሰደ ኪምለስ፣ ስድራ-ቤት ኪትጥርነፍ ህዝቢ ኪሕቆፍ ኢዩ ተመንዩ። ግን ኩሉ በንጻሩ ኰይኑ።

ናጽነት ደኣሞ እንታይ ስለ ዘምጽኣትሉ ኢዩ ናጽነት ኪብላ እዚ ህዝቢ? እንታይ ስለ ዝረኸበ ኢዩ እዚኣ ካብ ባርነት ትሓይሽ ኢሉ ክፈልያ? እንታይ ስለ ዝረኣየ ኢዩ ካብ ትማሊ ሎሚ፣ ካብ ዓሚ ለብዘበን ይሕሸና ክብል ? እቲ ትማሊ ካብ ገዛእቲ ዝገጠሞ በደል ሎሚ ናተይ ካብ ዝብሎም መራሕቲ ምምጽኡ ጥራሕ ኢዩ እቲ ፍልልይ። ካብዚ ዝዓቢ ድርብ ወጽዓን በደልን ከኣ ጨሪሱ የሎን።

ኤርትራ ሎሚ ኣብ ዓለም ካብተን መሰል ደቂ ሰባት ዘየኽብራ ውሑዳት ሃገራት ሓንቲ፣ ካብ ኣብያተ ትምህርታ ኣብያተ ማእሰርታ ፣ ካብ ሆስፒታላታ ወታሃደራዊ መዓስከራታ፣ ካብ ቁጠባዊ መሳንዓ ስለያዊ መሳርዓ፣ ዝበዝሕ ብወተሃደራዊ ስርዓት እትመሓደር ፣ ብድኽነትን ሕማምን ዝተጠቕዐት ሃገር ኮይና ኣላ ።

ኤርትራ ሎሚ እታ ብምልኪ ወተሃደራዊ ስርዓት እትመሓደር ፣ ቅዋምን ናጻ ብሕታዊ ፕረስን ዘይብላ፣ ብዘይካ ትካላት ጸጥታን ማሕቡስን፣ ትካላት ፍትሕን ፍርድን ዘይብላ፣ ዜጋታታ ብዘይካ ግቡእ መሰል ዘይብሎም፣ ከገልግሉ እንተዘይኮይኖም ክግልገሉ ዘይፍቀዶም፣ ስርዓተ ትምህርታን ቁጠባአን ዘንቆልቆለ፣ ዕለተ-ዕለት ብዝቕባበ እትሳቐ ሃገር ኮይና ኣላ። ብሓጺሩ ኤርትራ ድሕነትን ትንፋስን ትጽበ ኣላ።

ቅድሚ 13 ዓመት ልክዕ ከምዚ ሎሚ ህዝብና ነዛ ህያው ናጽነት ኪትኮነሉ ዝተመነያን ክቡር ዋጋ ዝኸፈለላን ዕለት ደረት ብዘይብሉ ልዑል ሓጎስ ተቀቢሉዋን ኣብዒሉዋን ኢዩ። ከም ባህጉ፣ ብፍትሕን ዲሞክራስን እትልለ፣ ብሰላምን ርግኣትን ኣትምሰል፣ ብዕቤትን ብልጽግናን እትጥቀስ፣ ኪትኮነሉ ዓዓ ቕሙን ከክእለቱን ከበርክት ፈቲኑ። ግን ናይ ኢዱ ኣይተፈድየን። ሕጂ ድሕሪ 13 ዓመት ከም ሽንቲ ገመል ንድሕሪት ክትምለስ፣ ኣብ ክንዲ መመሰሊ ፍትሒ፣ መመሰሊ ሽርሒ፣ ኣብ ክንዲ መመሰሊ ሓድነት፣ መመሰሊ ህውከት፣ ኪትከውን ዝተመነያ እንተነይሩ ሎሚ ክድብልን ኪዘልልን ክንርእዮ ኢና።

ብዝተረፈ፣ እዛ ህዝቢ ኤርትራ፣ ንልዕሊ ፍርቂ ዘመን ብፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ተጋዲሉ ዘረጋገጻ ናጽነት፣ ከምቲ ስውኣቱ ሕድሪ እናበሉ ኣሚኖም ዝሓለፉላ፣ ህዝቢ ዝዓግበላን ዝሕበነላን፣ ብሕግን ስርዓትን ዝመሓደረላ፣ ብሰላምን ቅሳነትን ዝነብረላ፣ ምስ ጎረባብታን ከባቢኣን ብፍቕርን ሓድሕዳዊ ምክብባርን እትነብር፣ ስልጥንቲ ኤርትራ ኝኪትከውን ሓላፍነት ናይ ኩሉ ዜጋ ምኻኑ ብምዝኽኻር፣ እቲ ስልጣን ሒዙ ዘሎ ስርዓት፣ ድምጽን ጻውዒትን ዜጋታቱ ኪሰምዕን፣ ዲሞክራሲያዊ ጠለብን ድሌትን ዜጋታቱ ክትግብርን ንምሕጽን።

ባንዴራና መግለጺ መንነትናን ልዑላውነትናን ኢያ። ንሳ ስለዘምበልበለት ጥራይ ግን እቲ ዝተመነናዮን ዝበሃግናዮን ናጽነት ተረጋጊጹ ማለት ኣይኮነን። ናጽነት ዝጭበጥን ዝድህሰስን ፍረ ዝህልዎን፣ ህዝቢ ብሰላምን ቅሳነትን፣ ብዘይ ኣድልዎን ኣፈላላይን ኣብ ትሕቲ ጽላል ቅዋማዊ መንግስቲ ብሰላም ኪነብር ምስዝኽእል ጥራይ ኢዩ።

ስለዝኾነ፣ ኩሉ ሃንቀውታናን ባህግናን ንምምላእ፣ ሎሚ፣ ብሓደ ናይ ምስራሕ ዓ ቕምና እነዕብየሉ፣ ማሕላ ስዋኣትና ንምትግባር ቃልኪዳን ንኣትወሉን መብጽዓና እነሓድሰሉን፣ ዕለት ኪትከውን ይግባእ።

ቦርድ ኤርትራውያን ንሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት
ዓባይ ብሪጣንያ
http://www.ehdr.org.uk/